


# ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን በዓቢይ ኃይል ወሥልጣን።

ሕያዋይን ርህሩህን መፍቀር-ሰብን ዝኾነ ልዑል ኣምላኽና፡ ነቲ ነቦና ኣዳም ዘተስፈዎ ተስፋ ድሕነት፡ ክፍጽም ሥጋና ለቢሱ ንዓና መሲሉ፡ ከድሕነና ኣብ ዝመጸሉ ጊዜ፡ ደቂ ሰባት ክንገብሮ ዝግባኣና ኩሉ ሠናይ ተግባራት ምሂሩናን ኣርእዩናን ኢዩ፡ መጀመርያ ንኹሉ ሠናይ ተግባር መሠረቱ ጾም፡ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ትምህርቱ ኮነ ተኣምራቱ ቅድሚ ምጅማሩ 40 መዓልትን 40 ለይትን ጾመ። ኣብቲ ጾሙ ከኣ ንፈተናታት ጸላኢ ማለት ንስስዕቲ ብትዕግሥቲ፡ ንትዕቢት ብትሕትና፡ ንፍቕሪ ገንዘብ ብምጽላእ ገንዘብ፡ ሥዒሩ ንሰይጣን ካብኡ ከም ዝርሕቕ ገበሮ። ድሕርዚ ንኹሉ ተኣምራቱን ተግባራቱን ኣምላኽነቱን ዝምስክሩሉ ሓዋርያት መሪጹ ምስኡ ኣኸቲሉ ትምህርቱን ተአምራቱን ተተሓሓዞ'ሞ ን 3 ዓመትን 3 ወርሕን ኣብ ኣቑሻትን ከተማታትን እስራኤል እናዞረ ቃል ወንጌል መሃረ። ብዙሕ ተኣምራት ገበረ። ወንጌላዊ ዮሓንስ ከም ዝበሎ "ኢየሱስ ዝገበሮ ግብሪ ኩሉ በብሓደ ተጻሒፉ እንተ ዝኸውንሲ፡ እዚ ዓለም'ኳ ኣይምኣኸሎን ይመስለኒ" ዮሓ. 21፡25. "ግናኸ እዚ ቑሩብ ተጻሒፉ ዘሎ ከኣ ንሱ ክርስቶስ ወዲ ኣምላኽ ከምዝኾነ ምእንቲ ክትኣምኑ፡ ኣሚንኩም ድማ ብስሙ ሕይወት ምእንቲ ክትረኽቡ ኢዩ ዝተጻሕፈ" ዮሓ. 20፡31.

ጐይታ እዚ ኩሉ ክመጾ ዘለዎ መከራ፡ ስቕለቱ ኮነ ሞቱ፡ ትንሣኤኡ ኮነ ዕርገቱ፡ ንተማሃሮኡ ብምሳሌን ብዘይ ምሳሌን ይገልጸሎም ነበረ።ብምሳሌ- "ነቲ ጓሳ ክወቕዮ ኢየ እተን መጓሰ ኣባጊዕ ከኣ ፋሕ ክብላ እየን" ማለት ጓሳኦም ንሱ ምስ ተታሕዘ እቶም መጓሰኡ ሓዋርያት ድማ ፋሕ ብትን ከም ዝብሉ ይነግሮም ነበረ። ዘካ.13፡7. ማቴ.26.3. ብዘይ ምሳሌ ድማ "ብዓበይትን ብሊቃነ ካህናትን ብዙሕ መከራ ክቕበል፡ ክቕተል፡ ብሣልሰይቲ መዓልቲውን ክትንሥእ ከምዘለዎ ይገልጸሎም እሞ፡ ጴጥሮስ ከኣ ጐይታይ የድሕንካባ ደኣ፡ እዚ ኣባኻ ኣይውረድ ኢሉ ክገንሖ ይጅምር። ጐይታ ግን ተቐጢዑ ንጴጥሮስ ካባይ ርሓቕ ሰይጣን ናይ ሰብ እምበር ናይ ኣምላኽ ኣይትሓስብን ኢኻ ብምባል ይግሥጾ። ማቴ.16፡21–24 ምኽንያቱ እዚ ዝበሎ ነቲ ዘምጽኦ ጉዳይ ግደፎ ክብሎ ከሎ፡ ንጐይታ ዓቢይ ዕንቅፋት ስለ ዝኾነ፡ ንስኻ ንዓይ መዓንቀፊ ኢኻ በሎ። ከም ናይ ጴጥሮስ ኣዘራርባ ወይ ምኽሪ እንተኾይኑ፡ ብሓጺሩ ዓለም ኣይድሓን፡ ከምቲ ዝነበሮ ኣብ ግዝኣት ጸላኢ ይንበር፡ ከምኡ'ውን እቲ ኹሉ ትንቢት ነቢያት ከንቱ ይኹን ማለት ኢዩ። ጐይታ ግን ደጋጊሙ እናነገሮም ጊዜ ስቕለቱ እናቐረበ ምስ መጸ፡ ናብ ኢየሩሳሌም ክእትዉ ኣብ ቤተ ፋጌ ምስ በጽሑ፡ ንደቀ መዛሙርቱ እስርቲ ኣድጊ ፈቲሖም ከምጽኡሉ ልኢኹ፡ ትሕትናኡ ከርኢ፡ ከምኡ'ውን ዘበን ሰላም ከምዝመጸ ከበሥር፡ ኣድጊ ተወጢሑ ብዓቢይ ኽብርን ዓጀብን ኢየሩሳሌም ኣተወ። ሕዝቢ ኢየሩሳሌም ብሙሉኡ ሕፃናት ከይተረፉ፡ ብስም እግዚኣብሔር ዝመጽእ ቡሩኽ'ዩ፡ ሆሣዕና ኣብ ኣርያም እናበሉ ይዝምሩን ይቕበሉዎን እሞ፡ ነዚ ዝረኣዩ መራሕቲ ኣይሁድ ቅንኣት መሊኡዎም፡ ከመይ ጌሮም ከም ዘጥፍኡዎ ጉባኤታት ብምክያድ፡ ሰቒሎም ከምዝቐትልዎ ወሰኑ።

ጐይታ ከኣ ካብዛ ዓለም'ዚኣ ናብ ኣቦኡ ዝኸደላ ሰዓት ከም ዝበጽሐት ፈሊጡ፡ ንደቀ መዛሙርቱ ክሣዕ መወዳእታ ኣፍቀሮም። ክዳኑ ተዓጢቑ ድማ ኣእጋሮም ሓጸቦም።ከምዚ ኣነ ኣርኣያ ሂበኩም ዘለኹ፡ ንስኻትኩም ድማ ኣእጋር ሓድሕድኩም ክትሓጽቡ ይግባኣኩም ኢዩ፡ በሎም። የሓ.13.፥1-16 ቀጺሉውን ናይ ሓዲሽ-ኪዳን መስዋእቲ "እዚ ምእንቲ ብዙሓት ንሕድገት ሓጢኣት ዝወሃብ ሥጋይን ደመይን ኢዩ፡ ኩሉኹም ካብኡ ብልዑን ስተዩን ኢሉ ሃቦም። እዚ ኩሉ ሥርዓትን ሕግን ተኺሉ ጸሎቱ እናጸለየ መራሕቲ ኣይሁድ ብይሁዳ ተመሪሖም ንስቕለት ንሞት ሒዞም ወሰድዎ። ንሱ ኸኣ ከም ሕያዋይ በጊዕ ተጎቲቱ፡ ኣፉ ከይከፈተ ንኹሉ እቲ ኣብኡ ዝፍጸም ከቢድ ግፍዒ፡ ብትዕግሥቲ ተቐበሎ። "ኣየ ትዕግሥቲ ከመይ ዝበለ ትዕግሥቲ ኢዩ፤ ኣየ ፍቕሪ ክሣዕ ክንድዚ ዝኣክል ንሰብ ምፍቃር" ይብል ቅዳሴ ዮሓንስ ኣፈወርቅ። ከምዚ'ሉ ቅድሚ ስቕለት ዘሎ ስቅያት ኩሉ ብትዕግስቲ ተቐቢሉ መወዳእታኡ "ወገብረ መድኃኒተ በማእከለ ምድር" ዝተባህለ ትንቢት ንኽፍጽም፡ ዓርቢ ኣብ ቀራንዮ ኣብ ማእከል ምድሪ ተሰቒሉ ሞተ። ተስፋ ድሕነት ፈጸመልና። ክብሪ ንስሙ ይኹን። ሕያዎት ሰባት ካብ መስቀል ኣውሪዶም ገኒዞም ቀበርዎ። ከምቲ ኣቐዲሙ ንሓዋርያት ዝነገሮም ድማ፡ ንሓይሊ ሞት ሥዒሩ **ኣብ ሣልሳይ መዓልቱ ተንሣእ።** በዚ ከኣ ናይ ዝሞቱ በኵሪ ትንሣኤ ኮነ። "ሽዑ እግዚኣብሔር ከምቲ ካብ ድቃሱ ዝትንሥእ ሰብ ተንሥአ... መዝ.78.65. ሕጂ ክትንሥእ'የ ይብል እግዚኣብሐር ነቶም ዝጽበዩኒ ድሕነት ከምጽኣሎም'የ፡ መዝ.12.5 ዝብል ኩሉ ትንቢታት በዚ ጊዜ'ዚ ብመዓልቲ ትንሣኤ ተፈጸመ።

<u>ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን፡-</u> ልዑል ኣምላኽና ከምዚ ጌሩ ኢዩ'ምበኣር ዝተበጀወናን ዘድሓነናን።ብልኡኽ ወይ ብወኪል ዘይኮነስ፡ ባዕሉ ኢዩ በጃ ዝሓለፈልና። ኣምላኽ ክነሱ ሰብ ብምዃን መልክዕ ባርያ ብምውሳድ፡ ብገዛእ ፍቓዱ ንርእሱ ድኻ ገበረ። ንርእሱ ትሕት ብምባል ክሣዕ ሞት እረ እኳ ድኣ ክሣዕ ኣብ መስቀል ሙማት ተኣዘዘ። ፊልጲ.2.7–9 በዚ ኹሉ ዝገበረልና ኸኣ ንሕና ኣጸቢ ቕና ንሕጎስ፡ "እታ እግዚኣብሐር ዝገበራ መዓልቲ ዓወት እዚኣ እያ ብኣኣ ንተሓጎስን ባህ ይበለናን" መዝ.118.24 ዓመት ዓመት ከምዚ ኢልና ስቅያቱ ስቕለቱ ብሰሙነ ሕማማት ዘኪርና፡ ንትንሣኤኡ ኸኣ ከምዚ ኢልና ንቕበሎን ኣኽቢርና ከኣ ነብዕሎን። ሎሚ ትንሣኤ(ፋሲካ) ኢዩ ኢልና፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ብሓባር ኣብዛ ቅድስቲ ቤተ ክርስቲያን ተኣኪብና ከነመስግኖ ንርከብ ኣለና፡ እዚ ከኣ መግለጺ እምነትና ኢዩ። እዚ ኹሉ ጐይታ ዝፈጸሞ ስቕለቱ ሞቱ፡ ትንሣኤኡ ንመን ክብል'ዩ፤ ንዓና ንደቂ ሰባት "ንሓያል ወልድ ካብ መንበሩ ፍቕሪ ሰሓቦ፡ ክሳዕ ሞት ከኣ ኣብጽሖ" ቅዳሴ ዮሓንስ ኣፈወርቅ፡ ንሕናውን ነዚ ዘሎናዮ ጉባኤን ውሱን ኣገልግሎትን፡ እምነትና ኣገጊዱና ግቡእና ስለ ዝኾነ ንዜኑ ሞተከ... ሙማትካን ቅድስቲ ትንሣኤኻን ነዘንቱ፡ ዕርገትካን ዳግማይ ምጽኣትካን ንኣምን እናበልና፡ ነመስግኖ ኣሎና። ከነመስግኖ ከሎና እምበኣር፡ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ኮይንና እንትተረኸብና ኢዩ ዝቕበለና። ዝሃበና ኣርኣያ ኩሉ ማለት ጾም ጸሎት፡ ትሕትና ትዕግስቲ ፡ፍቕሪ ርህራሄ ሕያውነት፡ ሕድገት ክንርስዖ የብልናን። ኣውደ ዓመት ኢልካ፡ ሓዲሽ-ክዳን ብምኽዳን፡ ፍሉይ መግብን መስተን ምቕራብ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከምቲ ጳውሎስ ዝበሎ፡ "ኣምላኽ ከም ዝሓረዮም ቅዱሳንን ፍቁራትን ሕዝቢ ኾይንኩም፡ ምሕረት ለውሃት፡ ትሕትና፡ ሕያውነት ትዕግሥቲ ልበሱ፡ ንሓድሕድኩም ተጸዋወሩ፡ ኣብ ሞንጎኹም ቅር ዘብል እንተሎ፡ ከምቲ ጐይታ ይቕረ ዝበለልኩም ይቕረ ተበሃሃሉ። ንኹለን ኣሲራ ኣብ ፍጻሜ እተብጽሐን ፍቕሪ ኢያሞ ልበስዋ።...ንሰላም ተጸዊዕኩው ኢኹም እሞ ሰላም ክርስቶስ ኣብ ልብኹም ይንገሥ፡ መማሰውቲ(መመስገንቲ) ከኣ ኩኑ፡ ቆላስ.3.12–16. ዝተባህለ ምኽሪ ሒዝና፡ ንመላለስ እናበልና ናይ ቤተ ክርስቲያንና መጸዋዕታን መልእኽትን ነመሓላልፍ።

ቡሩኽ በዓል ትንሣኤ ይግበረልና።

ደብረ ሰላም ቅድስት ማርያም ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ሽካጎ።

፳፯ ሚያዝያ ፳፻፭ / MAY 5, 2013